# ብክርስቶስ ኣሕዋትን ኣሓትን፡

ድሕሪ’ቲ ኣብ ሰነ 2000 ዝተቐበልናዮ ንጹር ራእይ፡ ናብቲ ዘገርም “ማዕበል” ዝተዋሃሃደ ጸሎት ዘለዎ መዓልቲ ንስሓን ጸሎትን፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ከምኡውን ስዒቡ ኣብ መላእ ምድሪ ንዝርከቡ ክርስትያናት መታን ክህሉ፡ ንኣፍሪቃን ዓለምን ጻውዒት ቀሪቡ።

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ሚልዮናት ክርስትያናት ኣብ መዓልቲ ንስሓን ዝተዋሃሃደ ጸሎትን ከም ዝሓብሩ ገይሩ እዩ። ብዕለት 27 ግንቦት 2007፡ ካብ 204 ሃገራት ዝኾኑ ኣመንቲ ደጊሞም ኣብ መላእ ዓለም ሓቢሮም እዮም። ለውጥን ክብሪ ኣምላኽን ኣብ መላእ ሃገራት መታን ክመልእ መቓልሓት ተባዕ ጸሎታት፡ ካብ ስታዲዮማት፣ ኣደባባያት፣ ኮማዊ ማእከላትን ተሰሚዑ።

ንዕለት 11 ግንቦት 2008 ድማ ካብ ሰሜን፣ ደቡብ፣ ምብራቕን ምዕራብን ዝኾና ሃገራት ኣብዚ ጉዕዞ ጸሎት ምስኡ መታን ክጉዓዝ፡ ኣምላኽ እንደገና ይጽውዕ ኣሎ። ኣምላኽ በቲ ዘደንቕ ሓይሉ ይሰርሕ ኣሎ፡ ከምኡውን ኣብዚ ጉዕዞ ተኻፊልቲ ክንከውን ይጽውዓና ኣሎ። እዚ ጉዕዞ እዚ ብዛዕባ ርእስና ዘይኮነስ ብዛዕባ እታ ክብሩን ድንጋጽ ፍቕሩን ዘድልያ ዓለም እዩ። ነቲ “ትሕት እንተበለ፣ እንተለመነ፣ ገጸይ’ውን እንተደለየ፡ ካብ ክፉእ መንገዲ’ውን እንተተመልሰ” (2 ዜና 7፡14) ዝብል ዕድሚኡ መልሰ-ግብሪ ንኽንህብ ዝጽውዕ እዩ። ኣምላኽ፡ ንጸሎትና ይሰማዕ፣ ንሓጢኣትና ይቕረ ይበልን ንምድርና ድማ ይፈውሰን።

ኣብዚ ገጽ ኣምላኽ እንደልየሉ እዋን ኣማኢት ሚልዮናት ክርስትያናት ብሓደ ንኽንሓብር ብትሕትና እጽውዕ ኣለኹ፤ ከምኡውን ኣብ ዓለምና ዝርከባ 220 ሃገራት፡ ነፍስወከፈን ኣብ ነቓዕ ሃገረን ደው ንኽብሉ ፍቓደኛታት ዝኾኑ ኣመንቲ ንኽረኽባ እምነት ኣሎኒ።

ክብሩ ክንርኢ የብቕዓና።

ግርሃም ፓወር
ኣቦ መንበር፡ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት

ምስ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎትን ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸሎትን ብምትሕግጋዝ ብወይሜከርስ ተሓቲሙ።
መሰል ደራሲ © 2008፡ ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ እዩ።

ነዚ መምርሒ ጸሎት ንኽርዕም፣ ክትርጎም ወይ ካልኣይ ግዜ ክሕተም ፍቓድ ንምርካብ ወይ ድማ ብኻልእ ቋንቋታት ብዛዕባ ዝርከቡ ትርጉማት ሓበሬታ ንምርካብ፡ ብኽብረትኩም ኣብ www.globaldayofprayer.com ንዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት ተወከሱ።

Global Day of Prayer
P. O. Box 3856, Somerset West, South Africa 7129

እንተዘይተሓቢሩ፡ ኩሎም ጥቕስታት ቃል ኣምላኽ ፡ ብInternational Bible Society ኣብ 1984 ካብ ዝተሓትመ THE HOLY BIBLE፡ NEW INTERNATIONAL VERSION (NIV)፡ ዝተወስዱ እዮም። ብፍቓድ Zondervan Publishing House ተጠቒምናሉ። ኩሉ መሰላት ዝተሓለወ እዩ። ብNASB ዝፍለጡ ጥቕስታት መጽሓፍ ቅዱስ፡ ብThe Lockman Foundation ኣብ 1995 ካብ ዝተሓትመ New American Standard Bible Update ዝተወስዱ እዮም።

ስእልታት፡ ብፍቓድ Debra Bell/Media Village፣ Mike Bowen/CSET፣ Ralph Chua፣ Friend Ships Unlimited፣ Blayne Gervais፣ Jenny Graham/Media Village፣ Monique Hamada፣ Lisa M. Johnson፣ Jim Panhorst፣ Krystal Powell፣ Jim Rogers፣ Ted Wilcox/Worldwide Challenge፣ Ghani Zaman፡ ዝተረኽቡ እዮም።

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት

## *ኣብ ዝተፈላለዩ ቦታታት … ብሓደ ምሕባር*

*“ኣብ መበል ሓምሳ መዓልቲ ድማ ኵላቶም ሓቢሮም ብሓንሳእ ነበሩ።” – ግሃ 2:1*

**ጸውዒት ንስሓን ጸሎትን፤** ሚልየነም (መዋእል-ሽሕ) ኣብ ዝኣትወሉ ዝነበረ እዋን፡ ኣብ ኬፕ ታውን-ደቡብ ኣፍሪቃ ዝርከቡ ብዙሓት ኣመንቲ ብንስሓን ጸሎትን ናብ ኣምላኽ ክቐርቡን ኣብ መላእ ሃገር ዘለው ሰባት ድማ ንከተማታቶምን ሃገሮምን ሕቡር ጸሎት ንምክያድ መታን ክሓብሩ ንኽጽውዑን፡ ጸውዒት ኣምላኽ ተቐቢሎም። ሰባት ድማ ኣብ ኣዳራሻትን ስታድዮማትን መልኡ።

ቀጺሉ ድማ ከምኡ ዝኣመሰለ ጉባኤታት ማለት ኩሉ ኣኼባታት ኣብ ሓደ መዓልቲ ናይ ነፍስወከፍ ዓመት ብምኽን፡ ኣብ መላእ ኣፍሪቃ ሰሲኑ። ዳርጋ ኣብ ነፍስወከፍ ሃገር ናይዛ ኣህጉር ዘለው ካብ ኩሉ ዓውዲ ወይ ዓይነት እምነት ክርስትና ዝመጹ ተወሰኽቲ ሚልዮናት ሰባት ዓመት ንዓመት ብሕብረት ናብ ኣምላኽ ቀሪቦም። ክርስትያናት ኣፍሪቃ፡ ከምዚ ዓይነት ንስሓን ጸሎትን ንኽግበር ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ኣመንቲ ጸዊዖም። ከም ውጽኢቱ ድማ እቲ ናይ መጀመርያ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ብግምት ን200 ሚልዮን ሰባት ዘካተተ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ብዓል-ሓምሳ 2005 ተኻይዱ።

**ኣብ መላእ ገጽ ምድሪ፤** ዝበዝሐ ቁጽሪ ክርስትያናት ዳርጋ ኣብ ነፍስወከፍ ሃገር ናይዛ ምድሪ፡ ኣብ 2006 ከምኡውን ኣብ 2007 ኣብ መዓልቲ ሰንበት ብዓል-ሓምሳ ተኣኪቦም ነይሮም። ዓበይቲ ስታድዮማት ከዕለቕልቓ፣ ኣባይቲ ብንኣሽቱ ጉጅለታት ክመልኣ፣ ክፉት ቦታታት ንኣሽቱ ዓድታት መሊኡ ክውሕዝ፣ ኩሉ ግዜ ንኽውሕዙን ንዓቢ ክብሪ ክርስቶስን በረኸት ኩለን ሃገራትን ብዙሓት ቤተ ክርስትያናት ድማ ንኽሓብራን፡ እዚ ምንቅስቓስ'ዚ የስፋሕፍሕን ይሕይልን ኣሎ። ክርስትያናት፡ ብቕኑዕ ልብን ሕቡር ተስፋን ንኽጽልዩን ክንስሑን ንዕለት 11 ግንቦት 2008 እንደገና ክእከቡ እዮም።

## *ፈለማ ዓሰርተ፡ ቀጺሉ ሓደ፡ ድሓር ድማ ተስዓ ይስዕብ*

እዚ ምግላጽ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ኣብ ምውላድ ቤተ ክርስትያን ዝነበሩ ሰለስተ ክፍላተ-ግዜ ኣጋጢሙ ከምዝነበረ ንፈልጥ ኢና፤ በዓል ሓምሳ (ጴንጠቆስጤ) ዘምጽአ ንዓሰርተ መዓልቲ ብቐጻሊ ዝተጸለየ ጸሎት፣ ብመላእ ከተማ ዝተመስከረሉ ናይ ሓደ መዓልቲ ጸሎት፡ ከምኡውን እተን ዝሰዓባ መዓልታት በረኸትን እየን። በዚ ምኽንያት ድማ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ሰለስተ ክፍላተ-ግዜ ኣለዎ፤

**ንዓሰርተ መዓልቲ ዝጸንሕ ቀጻሊ ጸሎት፡ 1-10 ግንቦት 2008፤** ኣብ መዓልቲ ምንጣቕ (ግንቦት 1)፡ ሚልዮናት ክርስትያናት፡ እቲ ቀዳማይ ብዓል-ሓምሳ ቅድሚ ምኻኑ ዝነበረ ቅዲ ኣመንቲ ክርስቶስ ብምስዓብ፡ ንበዓል ሓምሳ ኣብ ዘምጽኣ ዓሰርተ መዓልታት፡ ለይትን መዓልትን ዝጽልይሉ መንገድታት ክፈጥሩ እዮም።

**ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ 11 ግንቦት 2008፤** መዓልቲ ሰንበት ብዓል ሓምሳ፡ ዳርጋ ኣብ ኩለን ሃገራት ዝርከቡ ክርስትያናት ንጸሎት ክሓብሩ እዮም። መብዛሕትኦም ንኣሽቱ ጉጅለታት ብምፍጣር ኣብ ኣባይቲ ክእከቡ እዮም፤ ካልኦት ብዙሓት ድማ ኣብ ዓበይቲ ስታድዮማትን ካልኦት ህዝባዊ ቦታታት ክእከቡ እዮም። ኣብ ገለ ቦታታት ድማ ተለቪዥንን፡ ረድዮን ኢንተርነትን፡ ጸሎታትና ንኽትኣሳሰርን ክሰማማዕን ብዝበለጸ ክሕግዙ እዮም።

**ተስዓ መዓልታት በረኸት፡ ካብ 12 ግንቦት ክሳዕ 19 ነሓሰ 2008፤** ከምቲ ኣብቲ ቀዳማይ ብዓል ሓምሳ እቶም ዝተለወጡ ክርስትያናት ንዝነበርዎ ማሕበረኮማት ዝለወጡ፡ ከምኡውን ንሕና፡ ገዛእ ርእስና ንኣምላኽ ብምውፋይ፡ ጸሎታትና ክምለስ መታን ክኽእል ምኽንያት ክንከውን ይግባእ። ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ህያውን ዝልውጥን በረኸት ንማሕበረኮማት ንምምጻእ፡ ኣብ መንጎ ጓሶት ማሕበር፣ ኣብያተ-ክርስትያናት፣ ተልእኾታትን መራሕቲ ቢዝነስን ዞባዊ ሕብረታት ንምምስራት ወይ ንምዕባይ ትጽቢት ይግበረሉ።

# ስለ ዓበይቲ ነገራት ምጽላይ

## *ስለ ክብሪ ኣምላኽን በረኸት ሃገራትን*

***ከምቲ ማያት ንመዓሙቕ ባሕሪ ዜጐልብቦ፡ ምድሪ ብፍልጠት ክብሪ እግዚኣብሄር ክትመልእ እያ።***

**– ኣንባቆም** 2:14

የሱስ ናብ ሰማይ ምስዓረገ፡ እቶም ናይ ፈለማ ሰዓብቲ፡ ከምቲ የሱስ ዝበሎም ንምግባር ማለት "ነቲ ኣቦ ዘተስፈዎም" ንኽጽበዩ፡ ኣብ ሓደ ደርቢ ተኣከቡ። ካብቲ ውልቃዊ መንፈሳዊ ዕብየት ንምርካብ ዝጽለ ጸሎት ንዝበለጸ ነገር ይጽልዩ ነበሩ። ንመላእ ዓለም ዘተስፈዎ ነገር ንኽፍጽም፡ ኣምላኽ እቲ ዝገብሮ ናይ መጀመርታ ነገር፡ ምውራድ መንፈስ ቅዱስ ነበረ።

**ንተስፉታት ኣምላኽ፡ ናፍቖት ብዝመልአ ስምዒት ምጽብባይ፤** ኣብ'ተን ንብዓል ሓምሳ ስዒበን ዝነበራ መዓልታት ካብ ልቦም ዝፈስስ ዝነበረ ነገር ምስእነንብብ፡ ኣብ'ተን ዓሰርተ መዓልታት ከመይ ኢሎም ይጽልዩ ከምዝነበሩ፡ ገለ ርድኢት ክንረክብ ንኽእል። ተስፉታት መንግስቱ፡ ኣብ መላእ ምድሪ መታን ክፍጽም፡ ብብርታዐን ተስፋ ዝመልኦ ስምዒትን ናብ ኣምላኽ ጸልዮም። ጸሎቶም ድማ ካብ ጽሑፋት ቃል ኣምላኽ ዝመንጨወ ነበረ። ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ዝምልከት ትምህርቲ ክርስቶስ ድማ ፍቕርን ሓይልን ክርስቶስ መታን ከስፉሕፍሕ፡ ንተስፉኦም ኣብ መንገዖ ኩሎም ህዝብታት ኣቀጻጺልዎ እዩ።

**ካብ ብዓል ሓምሳ ሓለፍ ዝበለ ዓበይቲ ነገራት ንኽኸውን ምጽላይ፤** ኣብቲ ዝኾነ ትእምርቲ በዓል ሓምሳ እናተገረሙ ከለው፡ ድሕርቲ ዝኾነ ብዓል ሓምሳ'ውን ዘየባትኽ ዓይነት ጸሎት ይገብሩ ከምዝነበሩ፡ መጽሓፍ ግብሪ ሃዋርያት ይዛረብ። ኣብዚ እዋን'ዚ ምሳና እንተዝነብሩ ነይሮም፡ ንመንፈሱ ከፍስስን ንህዝቡ ድማ ብዝዓበየ መንገድታት ክጥቀምን ናብ ኣምላኽ ምጸለዩ ነይሮም።

# ምስ ኣምላኽ ንምርኻብ ርእስኻ ምድላው

**ንጻውዒት ኣምላኽ መልሲ ምሃብ፤** ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ኣምላኽ ክልውጠናን ዝደልዮ ነገር ኣብ ማእከል ሃገራት ከምጽእን መታን ክኽእል፡ ምስ ብዙሓት ካልኦት ኣመንቲ ኈንና ንዕኡ ክንራኸቦ ኣገዳሲ ጻውዒት ኣምላኽ እዩ። ነዚ ተንብቡ እንተሊኹም፡ ንዓኹምውን ኣምላኽ ይጽውዓኩም ከምዘሎ ይስምዓኩም ይህሉ እዩ። ከምኡውን፡ ነገራት ከምቲ ዘለውዎ ክኾኑ ዘይኮነስ፡ ኣብ ክንድኡ ግን ንየሱስ ክንመስል ዝገብረና ኣብ ልብና ገለ ተስፋን ናፍቖትን ኣቐሚጡ ኣሎ። እቲ እናዓበየ ዝኸይድ ዘሎ ጸልማት ብዘየገድስ፡ ምድሪ ኣብ ገጽ ጸልማት ኣብ ዘላትሉ እዋን ብዝማዕረገን ባህ ዘብልን ክብሪ መታን ክትመልእ፡ ንኣዝየን ብዙሓት ቤተሰባት፣ ምድርን ህዝብታትን ክፍውስ እዩ።

**ብመሰረት 2 ዜና መዋእል 7፡14-16 ንኣምላኽ ምድላይ፤** ኣብ ኩለን እዘን ዓሰርተ መዓልታት፡ ካብዛ ተጠቒሳ ዘላ ምዕራፍ ወሲድና እንጸልየሉ ግዜ ክህልወና እዩ። ንጻውዒት ኣምላኽ መልሲ ትህቡ ከምዘለኹም ብምሕሳብ፡ ብቅንዕና ጸልዩ።

**ንስሓ፡ ውህበት እዩ፤** ኣቓዲሙ ፈጺሙ ዘይኮነ ብብርሃን ክንመላለስ መታን ክንክእል፡ ካብ ጸልማት እንምለሰሉ ግዜ መታን ክህበና ንጐይታ ንሕተቶ። ብጾም ወይ ምስ ካልኦት ሰባት ኈንኩም ብምሕባር፡ ንልሙድ ዝኾነ ክፉእ ባህሪኹም ኣርሕቕዎ።

**ግዚኡ ሕጂ እዩ።** ንኣምላኽ ክንራኸቦ ርእስና ነዳሉ።

***********************************

# ንዓሰርተ መዓልታት ዝጸንሕ ቀጻሊ ጸሎት፤

*1 — 10 ግንቦት*

## ስለ ምልእቲ ዓለም ጸልዩ፤ ኣብ ዘለኹምዎ ቦታ ኬንኩም ጸልዩ፤ ሕጂ ድማ ጀምሩ።

1. **ክትእከብሉ እትኽእሉ ሃነጽቲ መንገድታት ይሃልውኩም፤** ኣብ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት፡ መዓልታዊ ን24 ሰዓታት ሃልሃልታ ሓዊ ንምፍጣር፡ ብዙሓት ዝተተሓሓዘ (chains) ጸሎት የቑሙ ኣለው። ካልኦት ድማ ንሓደ ዕላማ ዝዓለመ ጸሎት ንምጽላይ ንሰዓት ወይ ክልተ ሰዓት ዝጽለየሉ መገድታት የናድዩ ኣለው። ገሊኦም ድማ ይጾሙ ኣለው። ካልኦት'ውን፡ ምስ ኣብ ርሑቕ ቦታ ዘለው ሰባት ኮይኖም ንምጽላይ ናይ ኮንፈረንስ ጻውዒታት ተሌፎን ንኽህሉ ይውድቡ ኣለው። ቤተሰባትን ኣዕሩኽን ንኽጽልዩ እትጽውዕሉ ሓደስቲ መንገድታት መንፈስ ቅዱስ ብኸመይ ክህበኩም ከምዝኽእል ኣስተብህሉ።

2. **ብእተፈላለዩ ቋንቋታት ጸልዩ፤** እዚ መምርሒ ጸሎት፡ ኣብ መላእ ዓለም ዘለው ብዙሓት ሚልዮናት ክርስትያናት ነዚ ጸሎት ክጽልዩ መታን ክኽእሉ፡ ናብ ሓምሳ ዝኸውን ቋንቋታት ተተርጉሚ ኣሎ። ትርጉማት ሓያሎ ካልኦት ቋንቋታት፡ እስጳንኛ'ውን ከይተረፈ ንምርካብ፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com ርኣዩ።

3. **ቆልዑ'ውን ይጽልዩ ኣለው!** ፍሉይ ቅጺ/ሕታም ናይዚ መምርሒ ጸሎት፡ ንቆልዑ ተዳልዩ ኣሎ። ኣብ www.globaldayofprayer.com/children ድማ ርኸብዎ። ብዙሓት ቤተሰባት ብሓባር ንኽጽልያ ይሕግዝ እዩ። ቆልዑ ብሕብረት ኮይኖም ድምጾም ከስምዑ ዝሕግዝ ሃነጽቲ መንገድታት ይሃልውኩም።

4. **መንእሰያት'ውን ብዘይምቁራጽ ክጽልዩ እዮም፤** ኣብዛ መዓልቲ እዚኣ፡ ኣብ ታሪኽ ሳሕቲ ዝርአ፡ መንእሰያት ንኣምላኽ ብውዕውዕ ስምዒት ክደልዩ እዮም። ኣብ ብዙሓት ሃገራት፡ ኣብ'ዘን ዓሰርተ መዓልታት ንዘየቋርጽ ጸሎት ክሓብሩ እዮም። መንእሰያት፡ ንጸሎታት ኣብ ኩሉ ክሊ ዕድመ ዝርከቡ መንእሰያት ንምውህሃድን ንምሕባርን ኢሎም ትርጉማት ናይዚ መምርሒ ጸሎት ኣዳልዮም ይርከቡ። ነዚ ዝምልከት ቅጺ/ሕታም ድማ ኣብ www.globaldayofprayer.com/youth ርኣዩ።

## ብኸመይ ነዚ መምርሒ ጸሎት ትጥቀምሉ

1. **ጸሎትኩም ብቃል ኣምላኽ ኣሐይሉ፤** ካብ መጽሓፍ ግብረ-ሃዋርያት ዝውሃብ ናይ ነፍስወከፍ መዓልቲ ክፍሊ ጽሑፍ፡ ንጹር ተስፋ ሒዝካ ንምጽላይ፡ ድልዱል ባይታ ይህብ እዩ። ናይ ነፍስወከፍ መዓልቲ ኣርእስቲ ዝህብ መግለጺ ተግባራዊ ድሕረባይታ ድማ ብቀጥታ ኣብ www.globaldayofprayer.com/tendayhelp ተኸታተሉ።

2. **ፍሉያት ጉዳያት ብምልዓል ንጸሎትኩም ኣሐይሉ፤** ንናይ መዓልቲ ኣርእስቲ ዝኾኑ ዝርዝር ፍሉያት ጉዳያት ክትረኽቡ ኢኹም። እዞም ነገራት እዚኦም ንማሕበረ-ኮምኩም ብኸመይ ክጸልው ከምዝኽእሉ ብምፍላጥ፡ ስለ'ዞም ከበድቲ ጉዳያት ሓያል ጸሎት ኣቕርቡ። ብዛዕባ ኣብ ዓለም ዘኸውን ዘሎ ኩነታት ብዝያዳ ንምርኣይ፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com/tendayhelp ተወከሱ።

3. **ጸሎትኩም ምስ ካልኦት ከምዝሓብር ግበሩ፡** ንበይንኹም ኬንኩም ክትጽልዩ ትኽእሉ እኳ እንተኾንኩም፡ ንምንታይ ካልኦት ምሳኻትኩም ኮይኖም መታን ክጽልዩ ዘይትዕድሙ? ወይ ነዚ ኣርእስታት ጸሎት እዚ፡ ኣብቲ ዘለኩም ናይ ጸሎት ጉባኤታት ከምእትጥቀምሉ ግበሩ። ምስዚ ኣርእስታት ዝኸይድ ሃናጽን ኣነቓቓሕን ዝኾነ ሕቡር ናይ ጸሎት ክፍላተ-ግዜ ብኸመይ ከምእተወሃህዱ ገለ ሓሳባት ኣብ www.globaldayofprayer.com/tendayhelp ርኸቡ።

## ቀዳማይ *መዓልቲ - ሓሙስ 1 ግንቦት*

### *መንግስቲ ክርስቶስ* *ምጽብባይ*

*ስለቲ ዝልውጥ ሓይሊ መንግስቲ ክርስቶስ*

ብዛዕባ፡ *መንፈሳዊ ጸልማት፣ ምፍልላይ ኣብያተ ክርስትያናት፣ ቁጠባዊ ቅልውላው*

- ንክርስቶስ ከም ንጉስን ጐይታን ኩሉ፡ ብፍቕርን ፍጹም ምእዛዝን፡ ልቢ ናይ ኣምላኽ ሰባት ክቓጸል
- ኣብ ኩለን ከተማታት ዝርከብ ብዙሕ ህዝቢ፡ ሰናይነትን ክብርን ንጉሳዊት ፍቕሪ ክርስቶስ መታን ክጥዕም
- ክርስቶስ፡ ኣብ'ተን ዋሕዚ በረኸት ዘይጠዓማ ከተማታት፡ ኣመንቲ ከምዝህልው ክገብር፤ ኣብ ኣሸገርቲ ቦታታት ድማ እቲ ዝተተስፈወ በረኸት መንግስቲ ክርስቶስ ብትዕግስቲ ተጸብዮም መታን ክወርሱ ምጽላይ
- ሓይሊ ፍቕሪ ክርስቶስ ኣብ ኩለን ማሕበረኮማት ፍጹም ምልዋጥ መታን ከምጽእ

*"ህዝበይ ድማ ...."* – 2 ዜና 7:14

**ከም ህዝቡ መጠን ንኣምላኽ ክትራኽብዎ ተዳለው፤** ብሞት ክርስቶስ ከም ዝተዓደግኩም ፍቑራት ኣገልገልቱ ኴንኩም ንርእስኹም ናብ ኣምላኽ ኣቕርቡ። ምስ ካልኦት ኴንኩም መታን ክተገልግልዎ ንጻውዒቱ መልሲ ሃቡ። ኣብ ኩለን ሃገራት ዝርከቡ ካልኦት ድማ ብመልክዕ ቤተሰባት፣ ኣብያተ ክርስትያናትን ከም ሓደ ህዝብን ኮይኖም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ንኽእከቡ ጸልዩ።

*"...ብዛዕባ መንግስቲ ኣምላኽ ድማ እናነግሮምን....*
*ተስፋ ኣቦ ተጸበዩ...*
*ኢሉ ከይወጹ ኣዘዞም"*
– ግሃ 1:3-4

---

## ካልኣይ *መዓልቲ - ዓርቢ 2 ግንቦት*

### *ብዝተወሃሃደ ጸሎት* *ምሕያል*

*ስለ ቀጻሊ ምንቅስቓሳት ዝተወሃሃደ ጸሎት*

ብዛዕባ፡ *ዘይምጽላይ፣ ተግባራት ጥንቁልና፣ ነገራውነት (materialism)*

- ኣምላኽ፡ ኣብ ኩላ ዓለም ክብሪ ክርስቶስ መታን ክህሉ ብሓያል ስምዒት ብሕብረት መታን ክንጸልይ ብምሕያል፡ "ብሓደ ሓሳብ" (ግሃ 1፡14፣ 2፡46፣ 4፡24) ኣብ ጸሎት መታን ከሕብረና
- ኣምላኽ፡ ንጸሎት ድኻ፣ መንእሰይን ርሱዕ ሰብን ክሰምዕን ክምልስን፡ በቲ ዝህብዎ ምስጋና ድማ ክኸብርን
- ኣመንቲ ኣብ ጐረባብቶምን ኣዕርኹቶምን ዝተፈልየ በረኸት መታን ከፍስስ ንኽጽልዩ፡ መንፈስ ኣምላኽ ክገልጸሎምን ከሐይሎምን
- ኣብ መላእ ሕብረተሰባትና ዝርከቡ ሰባት፡ ቅድም ገይረሞ ዘይፈልጡ፡ ሓገዝ ክረኽቡ ኢሎም ናብ ኣምላኽ ንምቕራብ ክልዓሉ

*"... እዚ ብስመይ እተሰምየ ህዝቢ..."* – 2 ዜና 7:14

**ንኽብሩ መታን ክትነብሩ ርእስናኹም ኣዳልው፤** ስለቲ ንኣምላኽና ዘሕሰርናሉ መንገድታት ንተኣመን። ዕሽነት ዘለዎ ቅንእን ዘይጠቅም ህርፋንን ነርሕቕ። ክብሪ ኣብ ምድርና ንኽዓቢ ብሓድሽ መንገዲ ንድለ።

*"እዚኣቶም ኩሎም .. ብሓደ ሓሳብ ኮይኖም ከየብኮሩ ሓቢሮም ይጽልዩ ነበሩ።"*
– ግሃ 1:14

## **ሳልሳይ** *መዓልቲ* - *ቀዳም* 3 *ግንቦት*

### **ብመንፈስ ኣምላኽ** *ምምላእ*

*ኣምላኽ ኣብ ኩሉ ሰብ፡ መንፈሱ መታን ክኸዑ*

ብዛዕባ: *ምሁራዊ ትዕቢት፣ ማእሰርቲ ኢጋንንቲ፣ መንፈሳዊ ዑረት፣ ጸቕጢ*

- ኣምላኽ፡ ኣብ ምድሪ ንዝነብር ነፍስወከፍ ሰብ መንፈሱ ከፍስስ
- ቤተ ክርስትያን፡ ከም ብሓድሽ ብመንፈስ ኣምላኽ ክትመልእን፡ እቶም ኣብ መላእ ዓለም ዘለው ብዛዕባ ክርስቶስ ዝምስክሩ ኣገልገልቲ ክሕይሉን
- መንፈስ ኣምላኽ፡ ነቶም ኣብ መንፈሳዊ ጸልማት ዘለው ሰባት ንክርስቶስ መታን ክገልጸሎም
- መንፈስ ኣምላኽ፡ ሃገራት ንድምጹ ክሰምዓን ንተግባሩ'ውን ክርእያን (ግ.ሃ 2:33) ከነቓቕሖን
- ብዙሓት፡ የሱስ ህያው ምዃኑን ኣብ ህይወቶም ይሰርሕ ምህላውን፡ ብመንፈስ ቅዱስ ብዝተዋህቡ ራእያት ክልዓሉ

*"...ትሕት እንተበለ..."* – 2 ዜና 7:14

**ንኣምላኽ ብስቡር መንፈስ መታን ክትራኸብዎ ርእስኹም ኣዳልው፤** ኣምላኽ ንዝተረረ ልባትና ከለስልስ ንዓድሞ። ስቡር መንፈስ ከምዘሎና ንትኣመን። ክኣልነት የሱስ ብዝተሓደሰ ፍርሃትን ምድናቕን ክብሪ ንሃብ። ካልኦት ሰባት መታን ክኸብሩ (ልዕል ክብሉ) ዝፈቱ ትሕትና ንለማመድ።

*"'በተን ዳሕሮት መዓልታት*
*ኪኸውን እዩ ይብል ኣምላኽ፡ "ኣብ ልዕሊ ስጋ ዘበለ ኩሉ መንፈሰይ ከፍስስ እየ""*
– ግሃ 2:17

---

## **ራብዓይ** *መዓልቲ* - *ሰንበት* 4 *ግንቦት*

### **ብንስሓ** ናብ ኣምላኽ ምምላስ

*ብዙሓት ካብ ሓጢኣቶም ብክርስቶስ ናብ ዝርከብ ሓዲሽ ህይወት ክምለሱ*

ብዛዕባ፡ *ጸዩፍን ብዕሉግን ቅሉዕ ስጋዊ ርክባት* (Pornography)*፣ ክፉእ ልምድታት፣ ዕልወት፣ ዘይሞራላውነት*

- ሚልዮናት ሰባት ካብ ሓጢኣቶም ንክርስቶስ ምስዓብ ናብ ዝርከብ ሓጐስ መታን ክምለሱ፡ ክርስቶስ በታ ይቕረ እትብል ፍቕሩ ክራኸቦም
- ብዙሓት ሰባት ሓጢኣቶም "ክጸረ" (ግ.ሃ 3:19) ከምዝኽእል ፈሊጦም ተስፉ መታን ክረኽቡ፡ ቃል መስቀል ክርስቶስ ንማእሰርቲ ሓይሊ ሓጢኣት ክሰብር
- ዓቢ ምንቅስቓስ ንስሓ ኣብ ኩሉ ማሕበረኮማት መታን ከዕለቕልቕ፡ ኣምላኽ ፈለማ ንህዝቡ "ካብ ክፉእ መንገድታቶም" (ግ.ሃ 3:26) ንኽምለሱ ሓገዙ ብምሃብ ክባርኾም
- ሰብኡት፣ ኣንስትን ቆልዑን፡ ህልውና ኣምላኽ መታን ክሙኮሩ፡ እዚ ምንቅስቓሳት ንስሓ፡ "ግዜ ምሕዳስ" (ግ.ሃ. 3:19) ከምጽእ

*"...እንተለመነ..."* – 2 ዜና 7:14

**ካብ ገዛእ ርእስኹም ሓሊፍኩም መታን ክትልምኑ ርእስኹም ኣዳልው፤ ንልብኹም ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ኣፍስስዎ። ስለቲ ድሮ ዝገበረልኩም ድማ ኣመስግንዎ። ስለቲ ዓቢ ድሌታት ማሕበረኮማትኩምን ሃገርኩምን ልብኹም ከምዝልዓል ገይርኩም ጸር ካልኦት ሰባት ጽሩ።**

*"እምብኣርስከ፡ ሓጢኣትኩም ምእንቲ ኪድምሰሰልኩም፡*
*ካብ ገጽ እግዚኣብሄር ከኣ ዘመን ዕረፍቲ ምእንቲ ክመጸኩም፡*
*... ተነሰሑን ተመለሱን።"*
– ግሃ 3:19-20

---

# **ሓሙሻይ** *መዓልቲ* - ሰኑይ 5 **ግንቦት**

## **ንሰላም ክርስቶስ** ምስዓብ

### *ዝምድናታት መታን ክሕደስ*

### ብዛዕባ፡ *ዓሌትነት፣ ድኽነት፣ ግህሰት፣ ገበን*

- እቲ ኣብ መንጎ ኣብያተ-ክርስትያናት ዝኸውን ዕርቂ፡ በቲ ኣብ ማእከል ክርስትያናት ምልክት ዝኾነ ፍቕሪ፣ ሓጐስ፣ ሕብረትን ባህታ ልብን፡ ነቲ ፍልልያትን ጽልእን ከርሕቕ
- ህዝቡ ከምኡ'ውን እዛ እንርእያ ዘለና ዓለምን "ብፍርሃት መታን ክመልኡን" (2:43)፡ ክርስቶስ ብሓይልን ብንጹር መንገድን ክንቀሳቐስ
- ህዝቢ ኣምላኽ ካብ ስሰዐን ዓለማዊ ትምኒትን ርሒቖም፡ ካብቲ ዘለውኦ ንላዕሊ ለጋሳት መታን ክኾኑ
- ኣምላኽ፡ ንውግእ ከርሕቕ፤ መንፈሳዊ ሓይልታት-ክፉእ ደው ከብል፡ ግብረ ሽበራ ከጥፍእን ህይወት እቶም ዝተሃስዩ ሰባት ክሕልውን
- ኣምላኽ፡ ንሰባት ካብ ጸቕጢ ሕሉፍ ሓይሊ መታን ከልዕሎም ንክርስትያናት ክጥቀም

*"...ገጸይ'ውን እንተደለየ..."* – 2 ዜና 7:14

**ገጽ ኣምላኽ ንምድላይ ርእስኹም ኣዳልው፤** ባህግታት ልብኹም ካብ ናይ ውልቅኹም ድሌት ዝወጸ ይኹን። ንዕኡ መታን ክትፈልጥዎን ብእኡ'ውን መታን ክትፍለጡ፡ ናብ ኣምላኽ ቅረቡ። ኣብ ቅድሚኡ ድማ ህድኡ። ልክዕ ምስ ክርስቶስ ገጽ ንገጽ ከምዘለኹም፡ ብትብዓት ንዕኡ ተዛረብዎን ብጥንቃቐ ስምዕዎን።

*"እቶም ዝኣመኑ ኵላቶም ከኣ ብሓንሳእ ነበሩ፡... ኣብ ኣባይቲ እንጌራ እናቘረሱ፡ ብሓጐስን ብግሩህ ልብን ንኣምላኽ እናመስገኑ ብሓንሳእ ከይኖም ይበልዑ ነበሩ..."*
– ግሃ 2:44-47

---

# **ሻዱሻይ** *መዓልቲ* - ሰሉስ 6 **ግንቦት**

## **መጻኢ ወለዶ** ምሕያል

### *ስለቲ ኣብ ቤተሰባትን ቆልዑን ዘሎ ዕላማ ኣምላኽ*

### ብዛዕባ፡ *ዝተፈላለየ (ኣብ ባእሲ ዘለዋ) ቤተሰባት፣ ጾታዊ ብልሽውና፣ ምዝመዛ ቆልዑ፣ ምንጻል ጥንሲ*

- ክርስቶስ፡ ንሓዳራትን ቤተሰባትን ከደልድል
- *መንእሰያት፡ ኣብተን ቀዳሞት ዕድመ ንእስነቶም ንክርስቶስ ክስዕብዎንን ብዝልዓለ ተወፋይነት ድማ ንምሉእ ህይወቶም ከገልግልዎን*
- ክርስትያናት፡ ንዘኽታማት፣ *መበለታት፣ ጸግዒን ቤት ዘይብሎምን ሰባት፡ ነቲ ኣብ ኣምላኻዊ ቤተሰብ ዘሎ ፍቕሪ ብትብዓት መታን ከርእዩ*
- ክርስትያናት፡ ነቶ ብውግእን ተላባዒ ኤች.ኣይ.ቪ ኤይድስን ዝዘኸተሙ ሚልዮናት ህጻናት፡ ኣባታዊ ፍቕሪ ኣምላኽ ክህብዎም
- ኣምላኽ፡ ተስፋታቱ ኣብ መላእ ምድሪ *መታን* ክፍጽሙ፡ ንመጻኢ ወለዶ ከበርትዕ

*"...ካብ ክፉእ መንገዲ ድማ እንተ ተመልሰ..."* – 2 ዜና 7:14

**ንኽትንስሑ ርእስኹም ኣዳልው፤** ካብ *ቃላት* ጥራይ ዝኾነ ኑዛዜ ወጺእኩም ናብ ኣምላኽ ቅረቡ። ኣብ ክንድኡ ድማ ካብ ዝኾነ ክፉእ ሓሳብ ክትርሕቑን ጐዳኢ መንገዲ ክትሓድጉን ሓይሊ *መታን* ክህበኩም ንኣምላኽ ሕተቱ። ኣብ መላእ ማሕበረኮማትኩምን ዝምድናታትኩምን ፍጹም ለውጢ ዘምጽእ ተስፋ ንልብኹም *መታን* ከለዓዕል ንኣምላኽ ኣፍቅድሉ።

*"እቲ ተስፋ ኣምላኽ ንኣኻትኩም ንደቅኹምን፡... እዩ"*
– ግሃ 2:39

---

# ሻብዓይ *መዓልቲ - ረቡዕ 7* **ግንቦት**

## ካልኣት፡ **ጻውዒት ኣምላኽ** ከምዝሰምዑ ምግባር

## *ሃገራት ንድምጺ ኣምላኽ መታን ክሰምዓ*

## ብዛዕባ፡ *ዘይተበጽሑ ኣህዛብ፣ ምምላኽ ጣኦት፣ ዘይምእማን፣ ድንቁርና*

- *ቃል* ኣምላኽ፡ ካብ ኩሉ ዓይነት ቋንቋ፣ ኣብ ኩሉ ዘርእን ሃገርን ዘለው ህዝብታት (ግ.ሃ 1:8፣ 2:5) *መታን* ክስበኽ
- ኣህዛብ፡ ብቓላት ገዛእ ቋንቋኦምን ብመንገድታት ገዛእ ባህሎምን (ግሃ 2:11)፡ "ዓቢ ግብርታት ኣምላኽ" ክሰምዑ
- ኩሎም ህዝቢ ብፍላይ በቶም ኣብ መንጐ እቶም ኣሽሓት ዘይተበጽሑ ጉጅለ ህዝብታት ዝርከቡ ከምኡውን ህይወት ዘለወን፣ ዝዓብያን ዝበዝሓን ኣብያተ-ክርስትያናት ዘይብሎም ሰባት፡ ንክርስቶስ *መታን* ክስዕቡ
- *መጽሓፍ* ቅዱስ፡ ንኣሽሓት ጉጅለታት ህዝቢ ዝኸውን፡ ዋላ'ውን ሓንቲ ጥቕሲ ከይጐደለት ብምልኡ፡ ብቋንቋኦም ክትርጐም
- ኣምላኽ፡ *ነቶም* ክድሕኑ ኢሎም ዝጽውዕዎ ብዙሓት ሰባት (ግሃ 2:21)፡ ናብኡ *መታን* ክጽውዖም (ግሃ 2:39) ምጽላይ

*"...ሽዑ ኣነ ካብ ሰማይ ክሰምዕ እየ ሓጢኣቶም'ውን ይቕረ ክብለሎምን እየ..."* – 2 ዜና 7:14

**ንኽትናዘዙ ርእስኹም ኣዳልው፤** ህይወትኩም ንክርስቶስ ኣወፍዩ። ኣብ ቅድሚ ክፉት ሰማይ፡ ሓጢኣትኩም ተኣመኑ። ስለ እቶም ጐዲእክምዎም ክትኮኑ እትኽእሉ ሰባት ዝገበርክምዎ ሕማቕ ግብሪ ተናዘዙ። ንስኹምን ካልኣትን ካብ ጾር ሓጢኣትን ማእሰርቲ ሓይሊ ሓጢኣትን ሓራ *መታን* ክትወጹ ንኣምላኽ ሕተቱ።

*"...ነቶም ኣብ ርሑቕ ዘለው ኩሎም፡
እግዚኣብሄር ኣምላኽና ዝጽውዖም ዘበሉን
እዩ እተዋህበ..."*
— ግሃ 2:39

---

## **ሻሙናይ** *መዓልቲ - ሓሙስ 8 ግንቦት*

## ስለ ክብሪ ክርስቶስ

***ብሓይል መከራ ምሕላፍ***

*ስለ ፍጹም ትብዓት ህዝቢ ኣምላኽ*

ብዛዕባ፡ *መከራ፣ ዘይፍትሓውነት፣ ግብረ ሽበራ*

- ንክርስቶስ ብምግልግሎም መከራ ዝረኸቡ ኩሎም ኣመንቲ፡ ህዱእን ተባዕን ባህሪ የሱስ ከርእዩ (ግ.ሃ. 4፡13)
- እቶም ስለ ስም ክርስቶስ መከራ ዝጸግቡ ክርስትያናት፡ ብሓጕስን እምነትን ክሕይሉ
- ኣምላኽ፡ ኣብቲ ዝተዋረደሉ ቦታታት፡ ብዓቢ ግብሩ ንገዛእ ርእሱ ከኽብር (ግ.ሃ. 4፡21)
- መራሕትናን መንግስታትናን መታን ክባረኹ
- እቶም ንክርስቶስ ዝጻረሩ መራሕቲ መንግስታት (ግ.ሃ. 4፡25-27) ብጥበብ ክባረኹ እሞ "ንኣምላኽ ምጽራር" (ግ.ሃ. 5፡39) ክሓድግዎ

*"...ምድሮም'ውን ክፍውሰሎም እየ..."* – 2 ዜና 7:14

**ንኽትልወጡ ርእስኹም ኣዳልው፤** ኣብ መላእ ማሕበረሰኮማትኩምን ሃገርኩምን፡ ህድእ ብዝበለ መንገድን ሃንደበትን ዓበይቲ ለውጥታት ንኽምጽእ፡ ንኣምላኽ ተጸባበይዎ። ምድሪ ክትሕደስ፣ ዝሓመሙ ሕብረተሰባት ክትስኡን ዝምድናታት ክፍወሱን ተስፋታትኩም ኣሐድሱ።

*"...ንሳቶም ድማ ምእንቲ*
*ስሙ ኪሓስሩ ብቑዓት ኮይኖም ስለ እተቘጽሩ፡ ... እናተሓጐሱ ወጹ።"*
— ግሃ 5:41

---

## **ታሽዓይ** *መዓልቲ - ዓርቢ 9 ግንቦት*

## **ፈውሲ ክርስቶስ** ከምዝመጽእ ምግባር

*ክርስቶስ ፍጹም ፈውሲ መታን ከምጽእ*

ብዛዕባ፡ *ክንክን ጥዕና ዘይምህላው፣ ለበዳ ኤይድስ፣ ጥንቁልና፣ ብከላ*

- እታ ዝርግሕቲ ኢድ ክርስቶስ ኣብ መንጎ ሕሙማት ተኣምራታዊ ፈውሲ ከተምጽእ ከላ፡ ማሕበረሰባት መታን ክርእዩ (ግሃ 5፡14-16)
- ስም የሱስ፡ ብትእምርትን ተኣምራትን ኣብ ህይወት ብዙሓት ሰባት መታን ክእወጅ (ግ.ሃ. 3፡16)
- ክርስትያናት፡ ሕማማት ንኽወግዱ ብጥበብን ድንጋጸን ብቐጻሊ ንኽዓዩ፤ ኤች.ኣይ.ቪ/ኤይድስ ኣብ ወለዶና ከብቅዕ
- ክርስትያናት፡ ነቶም ዘድልዮም ሰባት፡ መሰረታዊ ክንክን ጥዕና ከዋድዱ። ብሰንኪ ክንከላኸሎም እንኽእል ሕማማት፡ መዓልታዊ ኣሽሓት ህጻናት ኣብ መላእ ዓለም ይሞቱ ኣለው።
- ኣብዛ ምድሪ ፈውሲ ንኽምጽእ፡ ህዝቢ ኣምላኽ ብሓይሊ መታን ክሰርሑ፡ ንኣምላኽ ብምእማን ብጥበብ መታን ክዓዩ

*"...ኣዒንተይ ክኸፈታ፡ ኣእዛነይ'ውን ጽን ክብላ እየን..."* – 2 ዜና 7:15

**ብኣዒንቲ ኣምላኽ መታን ክትርእዩ ርእስኹም ኣዳልው፤** ልብኹም ብምጽብባይ ናብ ኣምላኽ ይቕናዕ። ንኹሉ ቃልኩም ክሰምዕ ምኳኑን በታ ውህቢት ህይወት ዝኾነት ፍቕሩ ከምዝጥምተኩም ብምፍላጥ ልብኹም ብፍርሃት ኣልዕሉ።

*"ብስም እቲ ቅዱስ ውድኻ የሱስ ምሕዋይ ሕሙማትን ትእምርትን ተኣምራትን ክኸውን ኢድካ ዘርግሕ።"*
– ግሃ 4:30

---

# **ዓስራይ** *መዓልቲ* - *ቀዳም* 10 *ግንቦት*

## **በረኸት ክርስቶስ** *ንኽዓዝዝ*

### *እቲ ዝተተስፈወ በረኸት ኣብ መንግ ኩሎም ህዝብታት ክፍጸም*

### *ብዛዕባ፡ ጥሜት፣ ድሕነት፣ ዕውልና፣ ብልሽውና*

- ክርስትያናት፡ ለውጢ ህዝብታቶምን ሃገራቶምን ዘምጽእ እቲ ናይ ቀደም ዝተተስፈወ በረኸት፡ ኣብ ቀረባ እዋን ንኽፍጸም ብምጽብባይ ክነብሩ
- ኣብያተ-ክርስትያናት፡ ህይወት ሰባት፣ ከተማታትን ሃገራትን ንምልዋጥ ምስ ኣምላኽ ኮይነን ብምስራሕ፡ ብስም የሱስ ከም ሓንቲ ቤተሰብ ኮይነን ብሕብረት ክዓያ
- ጽድቕን ፍትሕን ኣምላኽ፡ ንኹሉ ህዝብታት ካብ መርገም ብልሽውና መታን ክነጽህን ስርዓታት ንግድን ፖሎቲካን ድማ ክጸልውን
- ሓጉስ መንግስቲ ክርስቶስ፡ ኣብ ማእከል ኣብ ምድሪ ዘሎ ነፍስወከፍ ጉጅለ ህዝቢ፡ ምስጋናን ክብሪን ከምዝህሉ ክገብር

*"...ሕጂ ድማ ነዛ ቤት እዚኣ ስመይስ ንዘልኣለም ኣብኣ ክኸውን፡ ኣዒንተይን ልበይን ከኣ ኩሉ ግዜ ኣብኣ ክኾና ሓርየያን ቀዲሰያን ኣለኹ"* – 2 ዜና 7:16

**ማሕደሩ መታን ክትኮኑ፡ ገዛእ ርእስኹም ንምቕዳስ ኣዳልው፤** ንዓኹም፣ ቤተሰብኩምን ኣዕሩኽትኹምን መንፈሱ መታን ክመልእ ዓድሙ። በቲ ዓቢ ፍቕሪ ዘለዎ ልቡ ኣብ ልባትና መታን ከውሕዝ፡ ኣብ ኩላ ምድሪ ድማ ክብሩ መታን ከውርድን፡ ክርስቶስ ኣብ መንግ ህዝቡ ማሕደሩ ክገብር ዓድሙ።

*"ኣምላኽ ንኣብርሃም፡ ኩሎም ኣህዛብ ምድሪ ብዘርእኻ ኪባረኹ እዮም፡ ... በሎ።""*
– ግሃ 3:25

# ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት

*መዓልቲ ብዓል ሓምሳ - ሰንበት 11 ግንቦት*

## ኣብ ግዜ ንግሆ ብዓል ሓምሳ፣ ምስ እትግልገልሉ ማሕበር ኬንኩም ጸልዩ

ገለ ክፋል ግዜ ናይቲ ንግሆ ሰንበት ዝግበር ኣገልግሎት በዓል ሓምሳ፡ ኣብ ሕቡር ጸሎት ንኽውዕል ወፍዩ። ኩልና ኣብዛ መዓልቲ ኬንና ብዛዕባ ዓለም ክንጽሊ ከሎና፡ ኣብ ካልእ ክፋል ዓለም ምስ ዘለው ካልኦት ኬንና ንጽሊ ከምዘሎና ንኽንሓስብ ዝሕግዙና ሃነጽቲ ሓሳባት ይሃልውና። ካብቶም ውጽኢት ዝተረኽቦም ሓሳባት ድማ፤

- ኣብ መላእ ዓለም ዘለው ሚልዮናት ሰባት፡ ስለ ክብሪ ክርስቶስን ምልዋጥ ኩለን ሃገራትን፡ ክጽልዩ ተኣኪቦም ከምዘለው ሓብሩ
- “ስለ ዓለም ዝግበር ጸሎት” ዝብል ጽሑፍ፡ ንሕብረት ዓው ኢልኩም ኣንብቡ (ገጻት 12-13)
- ሰባት፡ ኣብዘን ዓሰርተ መዓልታት ብኸመይ ኣገባብ ይጽልዩ ከምዘለው፡ ጸብጻብ ኣቕርቡ
- ኣገልግሎትኩም ምስተን ኣብ ከባቢኹም ዝርከባ ማሕበራት ኬንኩም ብሕብረት ንኸተካይዱ ሕሰቡ

## ኣብ ኣባይቲ ወይ ድማ ኣብ ህዝባዊ ቦታታት ተኣከቡ

ኣብ ግዜ ድሕረ ቀትርን ምሸትን በዓል ሓምሳ፡ ካብ ዝተፈላለየ ቀጸላታት ህዝቢ ዝኾኑ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከቡ ክርስትያናት፡ ኣብ ኣባይቶም፡ እንተጥዒሙ ድማ ኣብ ዓበይቲ ህዝባዊ ስታድዮማት፣ ህዝባዊ መኣከቢ ኣዳራሻትን ክፉት ኣደባባያትን ክእከቡ መዲቦም ኣለው። ገለ ጉባኤታት፡ ውሑድ ቁጽሪ፡ ካልኦት ድማ ብዙሕ ቁጽሪ ዘለወን ክኾና ይኽእላ እየን፤ ኮይኑ ግን ኩሉ ሰብ ብሓደ ራእይ ንስሓን ተስፋን ክጽሊ እዩ። ከምቲ ኣብቲ ቀዳማይ በዓል ሓምሳ ዝኾነሉ ግዜ፡ በረኸት ክርስቶስ ኣብ ጐደናታትን ክፉት ህዝባዊ ቦታታትን ከምዝተገልጸ፡ ብስም ክርስቶስ ብግልጺ ንኣምላኽ ከነምልኽን ስለ ፈውስን በረኸትን ሃገራትን ክንጽልን ኢና። ብዝተኻእለ መጠን፡ ካብ ቀጽሪ ህንጻ ቤተክርስትያና ወጻኢ ኣብ ዝርከብ ቦታታት ክንእከብ ድሌት ኣሎና።

- ኣብ እትነብሩላ ከተማ፡ ኣኼባ/ጉባኤ ንኽህሉ ተሓጋገዙ። ምስ ጓሳ ማሕበርኩምን ምስቶም እሙናት ዝኾኑ ዞባዊ ኣማሓደርትን ተመያየጡ። ዝኾነ ዓይነት ብዝሒ ዘለዎ ጉባኤ ንምውዳብ ዝጠቕሙ ቀለልትን ፍቱናትን ሓገዛት ንኽትረኽቡ፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com ተወከሱ።
- ኩሉ ጉባኤታት ዓበይቲ ክኾውን ኣይክእልን እዩ። ብዙሓት’ውን፡ ንኣሽቱ ጉጅለታት ኣብ ኣባይቲ ወይ ኣብ ማሕበረኮመን ዘሎ ክፉት ቦታታት ኮይነን ክሓብራ እየን። ዓበይቲ ጉባኤታት ዘይተወጠኑ እንተኾይኖም፡ ኣብ ቤትኩም ንምንታይ ጉባኤ ኣምላኽ ዘይተኣንግዱ?

## ብሓደ ድምጺ ኬንኩም ጸልዩ፤ ስለ ዓለም ዝግበር ጸሎት

እዚ ዝስዕብ ጸሎት፡ ብኣባላት ኣህጉራዊ ቤት ምኽሪ ጸሎት (International Prayer Council) ዝተዳለወ እዩ። ናብ ብዙሕ ቋንቋታት ተተርጉሙ ይርከብ፤ መብዛሕቱ ድማ ኣብ www.globaldayofprayer.com ይርከብ። እዚ ጸሎት’ዚ፡ ኣብ ነፍስወከፍ ኣኼባ ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ብሕብረት ክንበብ እዩ።

# ስለ ዓለም ዝግበር ጸሎት

*“ብሓንሳእ ሓቢሮም ድምጾም ናብ ኣምላኽ ኣልዓሉ …” —ግሃ 4:24*

## ኩሉ ዝከኣለካ እግዚኣብሄር ኣቦ፣ ወድን መንፈስ ቅዱስን

ኣብ ዓለም ምስ ዘለው ኣመንቲ ብምሕባር፡
ንስምካ ንምዕባይን ንምኽባርን፡ ሎሚ ተኣኪብና ኣሎና።
ንስኻ ፈጣሪ ሰማይን ምድርን ኢኻ።
ከማኻ ብኹሉ መንገድታቱ ቅዱስን ጻድቕን ወለሓደ የለን።
ንጉስ ኣድማስ (ኩለንትና) ስለዝኾንካ ንስልጣንካ ንግዛእ ኣሎና።
ኣብ ልባትና ክንሽመካን
**ኣብ ቅድሚ ዓለም ከነኽብረካን፡ ብሓደ ድምጺ ንጽሊ።**

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* ***እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንኽትምስገን ክትከብርን ንስኻ በይንኻ ብቑዕ ኢኻ።***

## ኣብ ሰማይ እትነብር ኣቦና፡

ንዓለም ክሳዕ ክንድ’ዚ ስለዘፍቀርካያ ነመስግነካ ኣሎና።
ምሳኻ መታን ክንተዓረቕ፡
ንእንኮ ወድኻ የሱስ ክርስቶስ ኣብ ክንዲ ሓጢኣትና
ኣብ መስቀል ክመውት ወፊኻዮ።
ንዓኻ ኣቦ ኢልና ክንጽውዕን ንሕና ድማ ውሉድ ተባሂልና ክንጽዋዕን ብምኽኣልና ነመስግነካ።
ካብ ፍቕርኻ ክፈልየና ዝኽእል ወለሓደ የለን።

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* ***ዎ ኣቦ! ብምኽንያት መድሓኒና የሱስ ክርስቶስ፡ ቤተሰብካ ክንከውን ስለዝተቐበልካና ነመስግነካ።***

## ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፤

ንስኻ መስዋእቲ ኴንካ ብደምካ ምስ ኣቦ ብምትዕራቕ፡
ነቲ ጥቕሉል መጽሓፍ ታሪኽ ክትከፍቶ በይንኻ ብቑዕ ኢኻ።
ንስኻ፡ ርእሲ ቤተክርስትያንን
ጐይታ ሰማይን ምድርን ምዃንካ ንእመን።
በረኸትካ ኣብ መንጐ ኩሎም ህዝብታት ለውጢ መታን ከምጽእ፡
ካብ ኩሉ ዓሌትን ቋንቋን ሰዓብትኻ ከምዝህልው ግበር።
መንግስታት ብጽድቅን ፍትሕን መታን ክገዝኡ፡
መንግስትኻ ኣብ ነፍስወከፍ ሃገር ትቑም።
ስምካ፡ ካብ ጸሓይ ምብራቓን ክሳዕ ምዕራባን ዓቢ ይኹን።

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* ***የሱስ ክርስቶስ፡ ንስኻ መድሓኒ ዓለምን ጐይታ ኩሉን ኢኻ።***

## ኣቦ ምሕረትን ጸጋን፤

ንሕና ከምዝሓጥኣናን
ዓለምና’ውን ብሓይሊ ሓጢኣት ተታሒዛ ከምዘላን ንፈልጥ ኢና።
ልብና፡ ብሰንኪ ዘይፍትሓውነት፣ ጽልኢ፣ ሕርቃንን ዓመጽን ይጉሂ ኣሎ።
ኣብ ምድርና ብዝግበር ዘሎ ጸቕጢ፡ ዓሌትነትን ምፍሳስ ደምን ንሽቁረር ኣሎና።
ብምኽንያት ቅትለት፣ ውግእን ግብረ-ሽበራን ዝጠፍእ ዘሎ ኩሉ ህይወት ንጉሂ ኣሎና።
ብሰንኪ ዕልወትን ትዕቢትን፡ ኣባይትና ፈሪሰን ኣብያተ-ክርስትያናትና ድማ ተፈላልየን ኣለዋ።
ህይወትና ብስሰዐ፡ ኣምልኾ ጣኦትን ጾታዊ ሓጢኣትን ተበኪሉ ኣሎ።
ንልብኻ ኣጉሂናዮን ንስምካ’ውን ሕስረት ኣምጺእና ኢና።
ብምሉእ ልብና ኣብ እንንስሓሉ ዘለና፡ ምሕረትካ ኣባና ይኹን።

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **ናይ ምሕረት ኣምላኽ፡ ንሓጢኣትና ይቕረ በለልና።**
**ጸጋኻ ኣፍሰስልናን ንምድርና ፈውስን።**

## ኣታ መንፈስ ህያው ኣምላኽ፤

ካባኻ ተፈሊና ምንም ክንገብር ኣይንኽእልን ኢና።
ንቤተክርስትያን፡ ናብ ምስሊ የሱስ ክርስቶስ ለውጥ።
ንሕሙም ፈውሲ፣ ንግዙእ ሰይጣን ሓርነትን ነቶም ዝጉህዩ ምጽንናዕን
መታን ክምጽእ፡ ሓይልኻ ስደድ።
ጻውዒት ቤት-ኣልቦ ዝኾኑ ሰባትን ጥሙያትን ንኽንምልስ፡
ዘኽታማት፣ መበለታትን ሽማግለታትን ኣብ ሕቑፉና ክነእቱ፡
ፍቕርኻ ኣብ ልባትና ኣፍስስን ብድንጋጸኻ ድማ ምልኣናን።
ነቶም ኣብዚ እዋን ዝገጥሙና ዘለው ዝተሓላለኹ ሽግራት ዝኸውን ጥበብን ምግላጽን ሃበና።
ጸጋታት ምድሪ፡ ንጣዕሚ ኩሉ ሰብ ክንጥቀመሉ ደግፈና።

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **ኦ መንፈስ ቅዱስ፡ ምጽንናዕካን መሪሕነትካን ንደሊ ኣሎና። ንልባትና ለውጥ።**

## ጐይታ የሱስ ክርስቶስ፤

ሞይትካ ነይርካ፡ ሕጂ ግና ስለዝተንሳእካ፡
ኣቦ ድማ ኣብ ልዕሊ ኩሉ ኣስማት ስም ስለዝሃበካ፡
ንኹሉ ሓይልታት ክፉእ ትስዕር ኢኻ።
ንፍልጠት ኣምላኽ ዝቓወሙ ዕርድታትን ርድኢታትን ስበር።
ንህዝብታት ሽፈኑ ዘሎ መጋረጃ ጸልማት ኣርሕቕ።
ዓመጽን ሞትን ክህሉ ዝገብር ክፍኣት ደው ኣብል።
ካብ መግዛእቲ ኣጋንንቲ ሓርነት ኣውጽእ።
ንሰንሰለት ባርነት፣ ውልቀ-መላኽነትን ሕማምን ስበር።
ንቓልካ ብዘይፍርሃት መታን ክንሰብኽን
ኣብ ክንዲ ዝጠፍኡ ብእምነት ክንጽልን ትብዓት ምልኣና።

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **ኩሉ እትኽእል ኣምላኽ፡ ካብቲ ክፉእ ኣድሕነና።**

## ኣታ ንጉስ ክብሪ፡

ናብ ከተማታት፣ ህዝብታትን ሃገራትን ወሪድካ ስራሕካ ፈጽም።
ካብ ኣፍሪቃ ክሳብ ኤስያ፣ ካብ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን፣
ካብ ሰሜንን ደቡብን ኣሜሪካን ከምኡውን ካብ ኣውስትራልያን ደሴታት ፓሲፊክን
ዝኾንና ኣመንቲ፡ ብሕብረት ድምጽና ነልዕል ኣሎና።
*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **ዎ ደጌታት! ርእስኹም ኣልዕሉ፤**
**እቲ ንጉስ ክብሪ መታን ክኣቱ፡ ናይ ቀደም ደጌታት ልዕል በሉ!**

ከምቲ ግብርኻ ኣብ ኩላ ዓለም ግሁን ዝኾነ፣
ከምቲ በረኸትካ'ውን ንኹለን ሃገራት ዘጸንዕ፣
"መን'ዩ እቲ ንጉስ ክብሪ?" ኢሎም ብምሕታት ክደልዩኻ ከለው፡
ንሕና ድማ ብሕብረት ከምዚ ኢልና ንምልስ፤

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **እቲ ኩሉ ዝኽእል ጐይታ እዩ!**
**እቲ ብስም እግዚኣብሄር ዝመጽእ ብሩኽ እዩ!**

ከምቲ ማያት ንባሕሪ ዝሸፍን፡ ንምድሪ ድማ ንዓ ብኽብርኻ ሸፍን።
እቲ መንፈስን መርዓትን ከምዚ ይብሉ፤

*ጉባኤ ኣምላኽ፤* **ኣሜን! ጐይታ የሱስ ንዓ!**

# ተስዓ መዓልታት በረኸት

*12 ግንቦት ክሳዕ 9 ነሓሰ*

## በረኸት ክርስቶስ ምኳን

ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ንሕብረት ዕድል ዝኸፍት ክኸውን ይኽእል እዩ። እቶም ብሕብረት ዝጽልዩ ኣመንቲ፡ ኣብ ገዛእ ማሕበረ-ኮማቶም ተግባራውን ለውጢ ዘለዎን በረኸት መታን ከምጽኡ ብሕብረት ኸገልግሉ ይኽእሉ እዮም። ክፋል መልሲ ጸሎትኩም ንኽትኮኑ ራእይን ውጥንን ብኸመይ ከምተውጽኡ ሓገዝ መታን ክትረኽቡ፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com ዝርከብ "90 መዓልታት በረኸት" ተወከሱ።

## ከየባኸትኩም ጸልዩ!

ኣብዘን ተስዓ መዓልታት (ወይ ድማ ቅድሚኡ!) ብጸሎት ክትዓብዩን ክትሓብሩን ዝሕግዝኹም ሰለስተ ጠቓምቲ ኣገባባት፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com ይርከቡ እዮም፤

- ***መምርሒ ናይ 90-መዓልቲ ጸሎት፤*** ኣብ ዝልውጥ በረኸት ዘተኮረ ዓይነት ጸሎት ዝኸውን መዓልታዊ መምርሒ
- **ገጹ ድለዩ፤** ናይ ሓደ ሰዓት ጸሎት ብምግባር፡ መዓልታዊ ገዛእ ርእስኹም ናብ ኣምላኽ ብኸመይ ከምተቕርቡ ምፍላጥ
- **24/7 ሓለዋ ጸሎት፤** ብዙሓት ሰባት፡ ብዙሕ ዝዓይነቱ ቅድታትን መንገድታትን፡ 24/7 ጸሎት ጀሚሮም ኣለው

## ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት፡ ክሳዕ 2010 ዝጸንሕ ንነፍስወከፍ ዓመት ተወጢኑ ኣሎ

ብዛዕባ ኣብ መዓልቲ ሰንበት ብዓል ሓምሳ፡ 31 **ግንቦት** 2009 ከምኡውን 23 **ግንቦት** 2010 ተመዲቦም ዘለው መደባት ዓለምለኻዊ መዓልቲ ጸሎት ዝምልከቱ ምልክታታት ንምርካብ፡ ኣብ www.globaldayofprayer.com ተዓዘቡ።